# Resedokument

## ፍረምሊንግስፓስ

እንተ ደኣ ከም ስደተኛ ተፈሊጥካ ብ ናይ 1951 ጀነቫ ኮንቨንሽን ቁዋም Genèvekonventionen ወይ ኣመልኪትካ ተለኻ ከም ስደተኛ ካብ Migrationsverket ን ፍረምሊንግስፓስ ከተመልክት ትኽል፡ መንነቱ/ዓዱ ዘይተፈለጠ ሰብ ከምኡ'ውን ናይ 1954 New York-konventionen ኒዩ ዮርክ ኮንቨንሽን ቁዋም ዝማለኤ ንካልእ ዓይነት ፍረምሊንግስፓስ ከመልክት ይኽእል።

ብ ናይ 1951 ጀነቫ ኮንቨንሽን ቁዋም Genèvekonventionen ፍረምሊንግስፓስ ሒዝኩም ናብ ኹለን ሃገራት ክትገሹ ትኽእሉ ኢኹም ብጀካ ዓደኻ ወይ ካብታ ዓዲ ዝሃደምካላ፡ እዚ ገደብ ደማ ኣብቲ ፍረምሊንግስፓስ ይጻሓፍ።

በዓልቤትኪ ወይ በዓልቲቤትካን ደቅኹምን ትሕቲ 18 ዓምት ኣብ ገሊኡ ኩነታት ፍረምሊንግስፓስ ክዋሃቡ ይኹእሉ እንተ ደኣ ቐዋሚ ፍቓድ መንብሪ ናይ ሽወደን ኣሎዎም።

እዚ ፍረምሊንግስፓስ እት እውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ፓስፖርት ዘሎዎ ጠለባት ዘማላእ እዩ፡ እዚ ማለት ድማ ናይ ዋንኡ ግላዊ ጽብጻባት ከም ስምን፣ዕለት ልደት፣ ኣሰር ኣጻብዕን፣ ናይ ዋናኡ ጉርዲ ሰእልን ዝሓዘ ዳታ-ቺጥስ ኣሎዎ።

ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድመኦም ፍረምሊንግስፓስ ንኽወሃቦም ናይ ወለዶም ወይ ድማ ናይ ሞግዚቶም ፍቓድ የድሊ።

### ንፍረምሊንግስፓስ ምምልካት

ፍረምሊንግስፓስ ንኽትረኽቡ እትመልእዎ ፍሉይ Ansökan om resedokument, 108021 (ምምልካት ንፍረምሊንግስፓስን ኦርንክ/ፎርም) ዝተባሃለ ኣሎ፡

እቲ ዝመላእኩሞ ኦርንክ/ፎርም ናብ ሓደ ካብቶም ፍቓድ ዝዕዱሉ ቤት-ጽሕፈታት Migrationsverket ባዕልኹም ብምኻድ ተረከቡ፡ ንዓኡ ንምቕራብ/ንምርካብ ኣቐዲምኩም ቆጸራ ምሓዝ ኣየድልየኩምን፡፡

እቲ ኦርንክ/ፎርም እዞም ዝስዕቡ ቅጥዕታት ዘማልአ ይኸውን፦

– ብዛዕባኹም ዝምስክር ወረቐት Personbevis (3 ኣዋርሕ ዘሕለፈ ምኻን የቡሉን)፡ እዚ ሰንድዚ ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ቤት-ጽሕፈት ግብርን ቀረጽን lokala skattekontoret ፣ ናይ ቤት-ጽሕፈት ግብርን ቀረጽን ተለፎን ቁጽሪ 0771-567 567 ብምድዋል፣ ወይ ድማ ብወብሳይት www.skatteverket.se ኣቢልኩም ክትእዝዙ ትኽእሉ፡
– ቅድም ዝወሰድኩሞ ፓስፖርት እንተልዩኩም፡
– መንነትኩም ከረጋግጸልኩም ዝኽእል ካልእ ሰንድ፡
– ቀዋሚ ናይ መንበሪ ፍቓድ ከምዘሎኩም ዘርኢ ሰነድ፡
– ሓታቲ/ት ካብ 18 ዓምት ንታሕቲ ዘዕድመኡ/ኣ ምስ ዝ/ትኸውን፡ ናይ ወለዲ ሞግዚት ፍቓድ የ/ተቕርብ።

እቲ ኦርንክ/ፎርም መሊእኩም ኣብ እትሓድጉሉ ጊዜ Migrationsverket ይሰእሉኹምን ኣሰር ኣጻብዕ ይወስዱልኩምን እዮም፡፡

### ኣብቲ እትቕርቡዎ ኦርንክ/ፎርም ምፍራም ኣይትረስዑ!

### መስርሒ ዝኽፈል ዋጋ

እንተ ዳኣ Migrationsverket ኣፍቂዱልኩም ፍረምሊንግስፓስ ክትዋሃቡ 400 ክሮኖር ትኸፍሉ ክትውስዱዎ ከለኹም።

### ዘገልግለሉ ጊዜ

ፍረምሊንግስፓስ እንተነውሐ ን 5 ዓመት እዩ ዘገልግል ካቡኡ ክናዋሕ/ክሕደስ ኣይክእልን።

Migrationsverket

605 120 Faktablad om resedokument. Översättning till tigrinja.
Produktion: Informationsenheten i Norrköping. Webbplats: www.migrationsverket.se

## ዝኸቶ ጊዜ

ኩሉ ዘድሊ ቅጥዕታት ምስቲ ዝምላእ እንተዳኣ ተማሊኡ ቀሪቡ Migrationsverket ጉዳይኩም ንኽሳለጥ የቀላጥፎ እዩ።

ንዘቕረብኩሞ መሕተቲ ፎርም Migrations-verkets ካብ ዘጽደቖ ዕለት ጀሚሩ ፍረምሊንግስፓስ ንኽስረሓልኩም ዝወስዶ ጊዜ 1-2 ስሙን ኣቢሉ እዩ።

ነቲ ዝዋሃበኩም ፍረምሊንግስፓስ ባዕልኹም ከድኩም ኢኹም ትወስድዎ።

## እንተ ድኣ እትቕርቡዎ Migrationsverket ነጺጉዎ

እንተ ድኣ እቲዘቕርበካዮ Migrationsverket ዘይ ኣሚኑሉ ብ ናይ 1951 ሰደተኛ ኮንቨንሽን ቁዋም ወይ ናይ 1954 ኮንቨንሽን ቁዋም ኣየማላእካን ንፍረምሊንግስፓስ ዘቕረብካዎ ክንነጽጎ ንኽእል፡ ንዚ ውሳነ ድማ ናብ ፍርዲ ቤት ኢሚግረሽን migrationsdomstol ይግባይ ክትበል ትኽእል፡ እቲ ይግባይ ትብሎ ኣብ ውሽጢ 21 ማዓልቲ ካብቲ ውሳነ ዝመጻካ ን Migrationsverket ክበጽሖም ኣሎዎ።

## ኦርኒካት/ፎርማት

ብኢንተርነት ኣቢልኩም እቲ ዝምላእ ወረቓቕቲ ከተምጽኡ ወይ ከኣ ክተእዝዙ ትኽእሉ www.migrationsverket.se ፡ ብ ኢ-ፖስት (ኢ-መል) ኣቢልኩም እውን ክተእዝዙ ትኽእሉ፡ distributionen@migrationsverket.se ፡ ወይ ከኣ ናብ Migrationsverket, Distributionen, 601 70 Norrköping ትጽሕፉ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ንዝያዳ ሓበሬታ ናይ ወብሳይት www.migrationsverket.se ተመልከቱ ወይ ናብ Upplysningen 0771-235 235 ትደውሉ።

*ናይ ፍረምሊንግስፓስ መሕተት ኦርኒክኩም ምስ በጽሓና Migrationsverket ኣብ ናይ ፖሊስ ናይ ገበነኛታት ምዝገብ ምህላውኩምን ዘይምህላውኩምን ከም እነጻሪ ክንሕብረኩም ንፈቱ።*

Migrationsverket